# ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን

- መበል 16 ዓመታዊ ጉባኤ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ

- “ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ ሓዲሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣለኹ። በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምዃንኩም ኩሉ ክፈልጥ እዩ።”

  (ዮሃ13፥34-35)

- ብ ቀሺ ተስፎም ገዛኢ
- ሓምለ 24, 2014

# ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ

- ፍቕሪ እንታይ እዩ?
- ዓይነት ፍቕሪን ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ክንፋቐር ይግብኣና
- ንምንታይከ ንሓድሕድና ክንፋቐር ተደልዩ

# ፍቕሪ እንታይ እዩ?

- ፍቕሪ ንኣምላኽ ምፍላጥ ማለት እዩ
- “እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈከልጦን እዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ።” 1ዮሃ4:8

# ንሓድሕድና ክንፋቐር ሓዱሽ ትእዛዝ ተዋሂቡና

- “ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ከምኡ ጌርኩም ከኣ ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ሓድሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣሎኹ። ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተላትኩም፡ በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምኻንኩም ኵሉ ኺፈልጥ እዩ።” (ዮሃ13፡34-35)

# ስለምንታይ ሓዱሽ ትእዛዝ ተባሂሉ?

- ቀደም ዝነበረ ትእዛዝ
- ብጻይካ ፍቶ፡ ጸላኢኻ ጽላእ፡ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። (ማቴ5፡43)

# ሓዲሽ ትእዛዝ

- “ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ፡ ጸላእትኹም ፍተዉ፡ ንዚረግሙኹም መርቑ።
- ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኰኑ፡ ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ጸሓይ የብርቕ፡ ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ድማ ዝናም የዝንም እዩ እሞ፡
- ንዚጸልእኹም ጽቡቕ ግበሩ፡ ስለቶም ዚጸርፉኹምን ዚሰጉኹምን ጸልዩ። ነቶም ዚፈትዉኹም እንተ ፈቶኹም፡ እንታይ ዓስቢ ኣሎኩም፧ ተገውትስ ከምኡ ዶ ይገብሩ ኣይኰኑን፧ ነሕዋትኩም ጥራይ ብጽቡቕ እንተ ተቐበልኩምከ፡ እንታይ ሓለፋ ገበርኩም፧ ኣህዛብሲ ኸምኡ ዶ ይገብሩ ኣየለዉን፧” (ማቴ5፡44-47)

# ከምቲ ኣነ ዘፍቀርክኹም ክብል ከምዘርኣየና ይሕብር

- እንታይ ዝበለ ፍቕሪ እዩ ኣፍቂሩና?

- “ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኾሉ ናይ ዘልዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።” (ዮሃ3:16)
- *ገደብ ዘይብሉ ንጸላእቱ ኣፍቂሩና*

# ኣብ ፍቕሪ ኩለን ሕግታት ተጠርኒፈን ይርከባ

- ካባታቶም ሓደ ምሁር ሕጊ ኪዕዘቦ ደልዩ፡ መምህር፡ እታ ዓባይ ትእዛዝ ኣብ ሕጊ ኣየነይቲ እያ፧ ኢሉ ሓተቶ።
- ኢየሱስ ከኣ፡ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ንፍስኻን ብኹሉ ሓሳባትካን ኣፍቅሮ፡ እዚኣ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ።
- እታ እትመስላ ኻልኣይቲ ድማ፡ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ፡ እያ። ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ብዘሎ ሕግን ነብያትን ተሰቒሉ ኣሎ፡ በሎ።(ማቴ22፡37-40)

# ፍቕሪ ዓባይ እያ ምኽንያቱ ኩሉን ትእዛዛት ኣብ ፍቕሪ ይጥርነፋ

ፍቕሪ

1. ንኣምላኽ ምፍቃር
2. ንብጻይካ ምፍቃር

# ዓሰርተ ትእዛዛት

1. ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሀልዉኻ።
2. ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ቀናእ ኣምላኽ እየ እሞ፡
3. ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል።
4. መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር
5. ዕድሜኻ ምእንቲ ኺነውሕ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር።
6. ኣይትቕተል።
7. ኣይትዘሙ።
8. ኣይትስረቕ።
9. ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር።
10. ቤት ብጻይካ ኣይትተምነ።

# ዓይነት ፍቕሪ

- ካብ ናይ ግሪኽ ቃላት ፍቕሪ ማለት
- 1. ስቶርጅ (Storge – affection)
- 2. ፍሊያ (Philia – friendship)
- 2. ኤሮስ- (Eros – romance)
- 2. ኣጋፐ  (Agape – (charity) unconditional love)

# 1. ስቶርጅ (Storge – affection)

- ❖ ኣብ ሞንጎ ስድራ ቤት ዘሎ ፍቕሪ
- ፍቕሪ ኣብሞንጎ ውሉድን ወላድን ወይ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት
- ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ምሳና ዝተፈጥረ እዩ (ንድሕነት ስድራቤት ኣዝዩ ጠቓሚ)
- ክንክንቲ ዝደሊ ፍቕሪ እዩ
- ብመንፈሳዊ መንገዲ ተዘይ ሕዝናዮን የዕቢናዮን ክጠፍኣና ይኽእል እዩ።
- (ጽልኢ ኣብሞንጎ የሕዋት)

# 2. ፊሊያ (Philia –Friendship)

- ፍቕሪ ኣብ ሞንጎ ዓዕሩኽ (ይቕበል ይህብ ከኣ)
- ብቕድመ ኩነት ዝኸይድ (ንዝፈትዉካ ትፈትዎ ንዝጸልኣካ ትጸልኦ) ሕኽኽኒ ክሓከካ
- ንኽትፍቶ ኢልካ ክትጽዕር ኣለካ ማለት እዩ
- ዘወሃበካ ኣይኮነን , ናይ ስምዒት ፍቕሪ እዩ
- ሰባት ብሓባር ይዕቅብ ማለት እዩ
- ጸገሙ (ሻርነት ይፈጥር, ትዕቢት የሕድር)

# 3. ኤሮስ (Eros – Romance)

- ናይ ስስዕቲ ፍቕሪ, ኣፍቃሪ ነቲ ዘፍቅሮ ክውንን ዝደሊ
- ናይ ስምዒት ምርዋይ ጥራይ ዝሓስብ
- ድልየት ንነገራት መግቢ መስተ
- ትምኒት ንተቓራኒ ጾታ

## 4. ኣጋፐ (Agape – Charity -unconditional love)

- ናይ መስዋእቲ ፍቕሪ ዝህብ እምበር ክምለሰሉ ዘይጽበ ማለት እዩ
- ብፍቓድካ ወይ ብውሳኔኻ ትገብሮ ናይ ስምዒት ዘይኮነ።
- ንጸላእትኻ ምፍቃር ውሳኔ እዩ።
- ክእለት ኣይኮነን
- ክርስቲያናዊ ፍቕሪ
- 1. ብወሳኔ ዝግበር ፍቕሪ (ንጸላኢኻ ምፍቃር ሓሲብካ ዝውሰን ጥራይ እዩ)
- 2. ቅድመ ኩነት ዘይብሉ ( ትጽበዮ ግብረ መልሲ የለን)
- 3. ሌላን ጉሌላን የብሉን ንጸላኢኻን ፈታዊኻን ምፍቓር)
- 4. ገደብ የብሉን (ካብዚ ንላዕሊ ክገብር ኣይከኣለኒን የለን)

# ንምንታይ ኢና ንሓድሕድና ክንፋቐር ዝድለ?

❖ 1. ትእዛዝ ኣምላኽ ስለዝኾነ

- ““ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ከምኡ ጌርኩም ከኣ ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ **ሓድሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣሎኹ**። ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተላትኩም፡ በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምኧንኩም ኵሉ ኺፈልጥ እዩ።” (ዮሃ13፡34-35)

# ንምንታይ ኢና ንሓድሕድና ክንፋቐር ዝድለ

❖2. ፍቕሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን እያ

- “ግናኸ መወዳእታ ኹሉ ነገር ቀሪቡ እዩ። ስለዚ ርእስኹም ግትኡ ንጸሎትውን ንቕሑ።

✓ ፍቕሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን እያ እሞ፡ ቅድሚ ኹሉ ኣብ ንሓድሕድኩም ሃልሃል እትብል ፍቕሪ ትሀልኹም። ብዘይ ምዕዝምዛም ንሓድሕድኩም ግሽነት ተቓባበሉ። (1ጴጥሮ4፡8)

# ንምንታይ ኢና ንሓድሕድና ክንፋቐር ዝድለ?

❖ 3. ውሉድ ኣምላኽ ክንከውን

✓ “ኣቱም ፍቑራተይ፡ ፍቕሪ ኻብ ኣምላኽ እያ እሞ፡ ንሓድሕድና ንፋቐር። ዜፍቅር ዘበለ ኹሉ ኻብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ፡ ንኣምላኽውን ይፈልጦ እዩ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እሞ፡ እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ። ኣምላኽ፡ ብእኡ ምእንቲ ብህይወት ክንነብር ኢሉ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ፡ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና በዚ ተገልጸትልና።” (1 ዮሃ4:7-9)

# ንምንታይ ኢና ንሓድሕድና ክንፋቐር...

- 4. ንኣምላኽ ክንሪኦ
  - ✓ “ኣቱም ፍቁራተይ፡ ኣምላኽ ከምዚ ገይሩ ኻብ ኣፍቀረናስ፡ ንሕናውን ንሓድሕድና ኽንፋቐር ይግብኣና እዩ። **ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረአዮ ከቶ የልቦን፡ ንሓድሕድና እንተ ተፋቐርና፡ ኣምላኽ ኣባና ይነብር፡ ፍቕሩውን ኣባና ትፍጸም።** ካብ መንፈሱ ስለ ዝሀበና፡ ንሕና ኣብኡ ኸም እንነብር ንሱውን ኣባና ኸም ዚነብር፡ በዚ ኢና እንፈልጥ።” (1 ዮሃ4:11-13)

# ንምንታይ ኢና ንሓድሕድና ክንፋቐር…

- ❖ 5. ንኣምላኽ ከም እነፍቕሮ መረጋገጺ ምልክት እዩ።
- ✓ “ነቲ ዝረኣዮ ሓዉ ዘየፍቅሮስ፡ ነቲ ዘይረኣዮ ኣምላኽ ከፍቅሮ ኣይከኣሎን እዩ እሞ፡ ንሓዉ እናጸልኦስ፡ ንኣምላኽ ኤፍቅሮ እየ፡ ዚብል እንተሎ፡ ንሱ ሓሳዊ እዩ።
- ✓ እቲ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ንሓዉ ድማ የፍቅሮ ደኣ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ እዩ ኻብኡ እተቐበልናዮ.” (1ይሃን 4:20-21)

# ብዘይ ፍቕሪ ኩሉ ኮንቱ እዩ

- “ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ከም ዜድሂ ኣስራዚ ወይስ ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምዀንኩ።
- ትንቢት እንተ ዚህልወኒ፡ ኩሉ ምስጢራትን ኩሉ ፍልጠትን እንተ ዝፈልጥ፡ ኣኽራን ክሳዕ ዘግዕዝ ከኣ ኩሉ እምነት እንተ ዚህልወኒ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ከንቱ ምዀንኩ ነይረ።
- ኩሉ ገንዘበይ ከኣ ንድኻታት እንተ ዝዕድል፡ ስጋይውን ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ ዝህብ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ሓንቲ እኳ ኣይጠቕመንን እዩ.” (1ቆሮን13:1-3)

# ባህርያት ፍቕሪ

- “ፍቕሪ፡ ዓቃል, ለዋህ እያ፡ ኣይትቐንእን፡ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን ኣይትንፋሕን፡ ኣይተስተሓፍርን፡ ዘይ ናታ ኣይትደልን፡ ኣይትምረርን፡ ኣይትቕየምን እያ፡ ብሓቂ ትሕጐስ እምበር፡ ብዓመጽ ባህ ኣይብላን። ኩሉ ትጻወር፡ ኩሉ ትኣምን፡ ኩሉ ተስፋ ትገብር፡ ኩሉ ትዕገስ። ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ።...” (1 ቆሮን13:4-8)

# ፍቕሪ ዝዓበየት ህያብ መንፈስ ቅዱስ እያ

- “ትንቢት እንተሎ ንሱ ኺስዓር፡ ምዝራብ ቋንቋታት እንተሎ ንሱ ኺውዳእ፡ ፍልጠት እንተሎውን ንሱ ኺስዓር እዩ፡
- ሕጂ ግና እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ይነብራ፡ ካብዚኣተን እትዓቢ ግና ፍቕሪ እያ።” (1ቆሮን13:12-13)

- እቲ ኣምላኽ ክንፋቐሮ ዝደልያና ፍቕሪ ገደብ ዘይብሉ፡ ሰባት ክገብሩልና ክይተጸበና ናይ ውሳኔ ፍቕሪ ክንፋቐር እዩ።
- እተፍቅሩኒ እንተ ኼንኩምሲ፡ ትእዛዛተይ ሐልዉ። (ዮሃን14:15)
- እቲ ትእዛዛተይ ዘለዎ እሞ ዚሕልዎ፡ ንሱ እዩ ዜፍቅረኒ። ነቲ ዜፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ እዩ፡ ኣነውን ኤፍቅሮ ርእሰይ ከኣ እገልጸሉ። (ዮሃን14:21)
- ብፍቕሪ ክንመላለስ ኣምላኽ ይደግፈና